# ሪፖርተኛ ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ 2010

ብዓርቢ ዕለት 09 ሓምለ 2010 ዝጀመረ ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ቀዳምን ሰንበትን እውን ብውዕውዕ ሃገራዊ ስምዒትን ሓያል ናይ መኸተ መንፈስን ዝተፈላለዩ ንጥፈታትን ክካየድ ድሕሪ ምጽንሑ ብሰንበት ዕለት 11 ሓምለ 2010 ብዓወት ተዛዚሙ።

ቀዳም ዕለት 10 ሓምለ ልክዕ ሰዓት 17:00 ድ/ቀትሪ ክቡር ሚኒስተር ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑሱማን ሳልሕን ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ዘመደ ተኽለን ኣባላት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራን ሓለፍቲ ጠቕላሊ ቆንስላዊ ቤ/ጽን ኣብ ዝተረክብሉን ካብ ዝተፈላለያ ከተማታት ኢጣልያ ዝተኣኻከቡ ኣስታት 1200 ዜጋታት ሓርበኛታት ኣዴታት ኢጣልያን ኣቦታትን መንእሰያትን ከምኡ እውን ብርከት ዘበሉ ህጻናት ተረኺብቲ ሕድርን ባንዴራ ኤርትራ እናበልበሉን እናደበሉን ብውዕውዕ ሃገራዊ ወንን ስምዒትን ንኣዳራሽ ድሕሪ ምእታው፡ ብመንእሰያት ዝተዳለወ ንሓድነትን ጥምረትን ተሸዓተ ብሄራት ኤርትራ ዘንጸባርቕ ንልምድን ባህልን ያታን ዝገልጽ ብመንእሰያትን ህጻናት ተረኺብቲ ሕድሪን ዝተወደበ ምርኢት ተኻይድ።

ኣብቲ ፈስቲቫል ብዜጋታት ዓቢ ኣተኩሮ ዝተዋህቦ ጉዳይ እቲ ብሚኒስተር ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሃገረ ኤርትራ ክቡር ኣቶ ዑሱማን ሳልሕ ዝተኻየደ ንህልው ኩነታትን ምዕባልን ሃገርና ዞባናን ብዝምልከት ዝተዋህበ ሰፊሕ ሰሚናር ኢዩ። ሚኒስተር ዑሱማን ሳልሕ ንህልው ኩነታት ሃገርን ዞባናን ብምዝርዛር፡ ሕቶ ሰላም ቀርኒ ኣፍሪቃን፡ ዝምድና ኤርትራ ኣመሪካን፡ ኩነታት ጅቡትን ኤርትራን ምዕባሊኡን ኣመልኪቱ ብስም ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ተጉልቢቡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተበየነ ዓማጺን ዘይፍትሓውን እገዳ ምምሕዳር ኣመሪካ ኣመልኪቱ ዝርዝራዊ ሓበሬታን መረዳእታን ድሕሪ ምሃቡ፡ ኤርትራ ኣብ ኩሉ ልምዓታዊ ጽላታት ኣብ ልዕለ ቅርጽን ትሕተ ቅርጽን ኣብ መዳያት ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ኣመዝጊባቶ ንዘላ ዓወታትን ንምስፍሑን ንምሕያሉን ተታሒዙ ንዘሎ ዓበይቲ ልምዓታዊ መደባት ኣብነታት ኣሰንዩ ዝርዝራዊ መግለጺ ሂቡ። መነባብሮ ህዝቢ ንምምሕያሽ ብመንግስቲ ንዝካየድ ዘሎ ሓያል ጻዕሪ ድማ ቀስ ብቀስ ውጽኢት ይህብ ምህላው ኣረጋጊጹ። ምስቲ ኩሉ ንኤርትራ ዘጋጥማ ዘሎ ግዳማዊ ተጻብኦታት እዚ ገስጋስ እዚ ዓቢ ዘላ ንቅድሚት ምዃኑ ድማ ኣስሚርሉ።

መንግስቲ ኤርትራ ሰላምን ምርግጋእን ዝሰፈኖ ዞባ ንምፍጣር ሓያል ጻዕሪ የካይድ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ምምሕዳር ኣመሪካን ሰዓብቱን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናይ ኩናትን ህውከትን ዞባ ንኪኸውን ዝተፈላለየ ውዲታትን ምትእትታውን ብምፍጣር፡ ሽግራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ካብ ምትሕልላኽ ከምዘይተቐጠቡ ኣነጺሩ። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ተበይኑ ዘሎ ዓማጽን ዘይሕጋውን ብይን እገዳ ውን ሓደ ካብቲ መርኣያታቱ ምዃኑ ድማ ኣብሪሁ። እቲ ዘይፍትሓዊ ብይን ሳላ ጽኑዕ